VARBERGS KOMMUN

ሓላፊት ኮሙን፡  ኣን-ሻርሎት ስተንኪልን፡ ናይ ኮሙን ዳይረክተር ካርል በርትለርን፡ ብሓባር እዚ ዝስዕብ ቅሉዕ ደብዳቤ ናብ ነበርቲ ቫርበሪ ኮሙን ብዕለት 2020-03-26 ኣብ varberg.se  ጽሒፎም ኣለው።

# ቅሉዕ ደብዳቤ ናብ ነበርቲ ቫርበሪ ኮሙን

### ብሓባር ነዚ ለበዳ ሕማም  ክንንክዮ ንኽእል፡ ውሕስነት ድማ  ክብ ነብል

ኣብዚ ዘለናዮ እዋን ዓለም ከም ቀደማ የሳን። ጠንቂ እዚ ሓድሽ ኮሮናቪሩስ-19 ንኩለን ሃገራት ጸልይወን ይርከብ። ብሰንኪ ክታበት ዘይምህላውን፡ ተኽእሎ ተጻዋርነት እቲ ሕማም ዘይምምዕባሉን፡ እቲ ሕማም ብቕልጡፍ ንኽላባዕ ኣኽኢልዎ ኣሎ።

እቶም በቲ ሕማም ዝተለኽፉ ከም ሰዓልን ረስንን ከም ዝገብረሎም ፈሊጥና ኣለና። ብተወሳኺውን፡ ካልእ ሕማም ዘለዎምን ብዕድመ ዝደፍኡን ኣዝዮም ተጠቃዕቲ ከም ዝኾኑውን ፈሊጥና ኣለና። ሓድሽ ተረኽቦ ናይቲ ሕማምን ተላባዕነቱን  ቀጻልን በብእዋኑን  ይበጽሓና ኣሎ። ኣብ ሕብረተሰብና ዘሎ ሻቕሎትን ስምዒት ዘይውሕስነትን  ድማ ኣጸቢቑ ይርድኣና እዩ።

ነቲ ስዕቤን ንምዕጋት ድማ ብኽልቲኡ ማለት ብደረጃ ሃገርን ዞባን፡ ውጽኢት ዘለዎም  ዓበይቲ ውሳነታት ይውሰዱ ኣለው። ዓበይቲ ጽምብላትን ናይ ስፓርት ምርኢታትን ተኸልኪሎም ኣለው። ትካላት ኣድላዪ ዝኾነ ዕቃበታት ይገብሩ። ጉዕዞታትን ኣኼባታትን ይስረዙ። ብኹሉ ኣንፈታት ንጥፈታት ጠጠው ከምዝብሉ ይግበሩ፡ ሃገራት ድማ ዶባተን ይዓጽዋ። ኣብ ቫርበሪ ኮሙን ብዙሓት ዓበይቲ ንጥፈታት ጠጠው ከምዝብሉ ጌርና ኣለና። ብተወሳኺ ድማ ነቶም ኣዝዮም ተጠቃዕቲ ክፋል ሕብረተሰብ ተቐመጥቲ ኮሙንና ንምክልኻል፡ ዝኾነ ይኹን ናብ መእለዪ ዓበይቲ ዝግበር ምብጻሕ ከልኪልና ኣለና።

# ግደኹም ኣገዳሲ እዩ

ከም ነባሪ እዚ ኮሙን፡ እቲ ኣገዳሲ ነገር ከተብርከትዎ እትኽእሉ እቲ ሕማም ንኸይላባዕ ኣብ ምክልኻል እዩ። እዚ ድማ፡ ጽሬት ኣእዳውኩም ብምሕላው፡ ኣብ ንኸይብጽሑ ዝተኸልከሉ መእለዪ ዓበይቲ ብዘይምኻድን፡ እንተሓሚምኩም ድማ ገዛ ኮፍ ብምባልን ክትፍጽምዎ ትኽእሉ። ውላድኩም እንተሓሚሞም፡ ዋላውን ቁሩብ ምልክታት ይሃልዎም፡ ካብ ቤት ትምህርቲ ኮነ ካብ መዋእለ-ህጻናት ተሪፎም ገዛ ኮፍ ክብሉ ኣለዎም።

እንተድኣ ምልክታት እቲ ሕማም ዘይብልካ ጥዑይ ኮይንካ፡ ንውሕስነት ናይ ከባቢኻ ከተበርክተሉ እትኽእል ብዙሕ መገድታት ኣሎ። ኩልና ብዝተወሰነውን ይኹን ንሻቐል ኢና፡ ነገር ግን ኣብ ኣዝዩ ከቢድ ሻቕሎት ዝርከብ ሰብ ትፈልጡዶ? እምበኣር ቀሊል ብዝኾነ መገዲ ዓቢ ሓገዝ ክግበር ይከኣል።

- ኣብ ከባቢኻ ብዕድመ ዝደፍአ ሰብ፡ ከምቲ ንስኻ እትረኽቦ ቅልጡፍን እዋናውን ሓበሬታ ዘይረክብ እንተሎ--- ቁሩብ ደቓይቕ ወሲድካ ብዛዕባ ኣብ ዓለምን ኣብ ኮሙንናን ዘጋጥም ዘሎ ንገሮ። ምናልባትውን ዱኳን ኬድካ ክትዕድግ እንከለኻ ንዕኡውን ክትማልኣሉ ትኽእልዶ ?
- ቋንቋ ሽወደን ዘይክእል ጎረቤት ወይ ድማ ትፈልጦ ኣለካዶ ---- ብዝተኻእለ መጠን ትካላት መንግስቲን ንሕና ኣብዚ ኮሙን ነመሓላልፎ ዘለና ኣብ ምትርጓም ተሓባበሮ።
- ኣብ ሶሽያል መዲያ ዝፍኖ፡ ጌጋ ክኸውን ይኽእልዩ ትብሎ ሓበሬታዶ ትርኢ ኣለኻ --- ነቲ ጌጋ እዩ ዝበልካዮ ብምልላይ፡ ናብቲ ቅኑዕ ዝኾነ ናይ ትካላት መንግስቲ ሓበሬታ ምርሓዮ።

VARBERGS KOMMUN

- ምብጻሕን ኣካላዊ ምትንኻፋትን ኣብ ዘይተባብዓሉ እዋን ---- ቴለፎንን ካልእ መራኸቢታትን ብምጥቃም ርክባት ግበር፡ ሓገዝ ካብ ምሃብውን ኣይተቋርጽ።
- ከምዚኦም ዓይነት ተበግሶታት ኣብ ኮሙንና ይትግበሩ ከምዘለዉ ፈሊጥና ኣለና። መመሊስና ከነተባብዖ ንደሊ ድማ፡ መታን ለበዳ እቲ ሕማም ክንክን ውሕስነት እናዓበይ ክኸይድን፡ ኣብ መንጎ ነበርቲ ኮሙንና ምትሕልላይን ሰፊሕ ዝኾነ ሓድሕድ ምትሕግጋዝን ክህሉ እዩ።

## ናትና ግደ ንጹር እዩ

ከም ሓለፍቲ ናይ ቫርበሪ ኮሙን፡ ነቲ ዘሎ ኩነታት ብዝግባእ ንምእላይን ግብረ መልሲ ንምሃብን፡ ሓላፍነትና ከም ንገብር ቃል ንኣቱ። ንምሕጋዝና ኣብ ጎንና ኣብ ኩሉ ዓውድታት ብትግሃት ዝሰርሑ ዘለዉ ሓይሊ ሰብ ኣለውና፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ቤት ትምህርትታን ኣብ መእለይ ዓበይትን። መሳርሕትና ብትጉሃት ኣእዳውን ምቕሉል ልብን ብምዕያይ ምኩራት እዮም። ድሮውን ብምሉእ ሓይሎም ይሰርሑ ኣለው።

ኣብ ቅድሜና በዳሂ ግዜ ይጽበየና ኣሎ። ስለዚ ድማ ንነዊሕ ዝጠመተ፡ ክሕግዘና ዝኽእል መደባትን ልምምድን፡ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉውን ቅልጡፍ ውሳነ ንምውሳድ ዘኽእል ድሉውነት ክህልወና የድሊ። ንሕናውን ብዝተኻእለ መጠን ንነበርቲ ኮሙን፡ ትኽክልን ጠቓምን ሓበሬታ ብቕልጡፍ ከም ዝበጽሓኩም ክንገብር ኢና።

ንሓድሕድካ ምትሕልላይ ኣዝዩ ኣገዳሲ መሳርሒ እዩ። ካብዚ ቁሩብ እንተ ኣበርኪትካ፡ ብሓባር ነቲ ዝጽበየና ዘሎ ንምሕላፉ ክንክእል ኢና።

**Ann-Charlotte Stenkil**
Kommunstyrelsens ordförande, Varbergs kommun

**ኣን-ሻርሎት ስተንኪል**

ኣደመንበር ኮሙን፡ ቫርበሪ ኮሙን

**Carl Bartler**
Kommundirektör, Varbergs kommun

**ካርል ባርትለር**

ዳይረክተር ኮሙን፡ ቫርበሪ ኮሙን